ሰልፊ መሰረታዊ ፍትሒ ኤርትራ حزب أساس العدالة الإرتري

ERITREAN FUNDAMENTAL JUSTICE PARTY

# ናይ ባሕቲ መስከረም 2023 ጽምብል ባዓል መልእኽቲ

ኣቐዲምና ብሽም ሰልፊ መሰረታዊ ፍትሒ ኤርትራን መላእ ኣባላት ሰልፍን ንኹለ ህዝቢ ኤርትራ እንቋዕ ናብ'ዛ ታሪኻዊት መዓልቲ – ባሕቲ መስከረም 2023፡ ኣብጻሓኩም ክንብል ዝስማዓና ሓጎስን ፍናንን ወሰን የብሉን።

እምባአረከስ ክቡራትን ተቃለስትን ህዝቢ ኤርትራ ሓደ መስከረም 1961 ጅግና ክቡር ተጋዳላይ ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ካልኦት ምስኡ ዝነበሩ ጀጋኑን ተቓለስትን ቀዳመይቲ ጥይት ኣብ ጎቦ-ኣዳል ዝተኲሱላ ታሪኻዊት ዕለትን ማዓልትን ኢያ። ድሕሪ እዛ ማዓልቲ ኢዚአ ቀጺሉ ህዝቢ ኤርትራ መሪር ቃልስን ከቢድ መስዋእነት ዘሰነዮ ናይ 30 ዓመታት ዝተናውሓ ቃልሲ ሰውራ ኤርታራ፡ ኣርዑት ናይ ኢትዮጵያ መግዛእቲ ደርዒሙ ብዓወት ዛዚሙ ሃገርና ኤርትራ ናጻ ብውጻእ ኣካል ሕቡራት ሃገራት ዓለም ክትከውንን ከም ሓንቲ ኣካል ማሕበረ-ሰብ ዓለም ብሙኺን ባንዴራኣ ከተንበልብል በቒዓ ኢያ። ይኹን ደአምበር ቅዋም ተተኺሉ እቲ ኣብ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ማሕበራዊን ወዘተ ክኸይድ ትጽቢ ዝግበረሉ ዝነበረ ናይ ምዕባለ መስርሕ ብሰንኪ ዘይፍትሓዊ ገባቲ ስርዓት መንግስቲ ሃገርና ዳግም ኣብ ኣዝዩ ዝጸልመተ ቅልውላው ዘለዎ ደረጃ ክትበጽሕ ኪኢላ ኣላ፣ ብዓቢኡ እቲ ዘሰክፍ ድማ ህላዌ ልዑላውነት ሃገርና ኣብ ሓደጋ ከይትወድቅ ኣብ ዘተሓሳስበና መድረኽ ኢና በጺሕና ዘለና።

ህዝቢ ኤርትራ ሕጂ'ውን ታሪኽ ናይ ዝሓለፉ ስውኣት ጀጋኑ ኣቦታቱን ደቁን ሓደራ ከይጠልምን፡ ናይ መጻኢ ወለዶ ንጹር ሂውት መሰረት ከተግብርን፡ ሃገሩ ካብ ሓደጋ ከድሕን፣ ሓንቲ ብሕግን ብቕዋምን እትመሓደር ዲሞክራያስያዊትን ፍትሓዊትን ዝኾነት ኤርትራ ክሃንጽ'ዩ ዘለዎ ሓላፍነት ቀሊል ኣይኮነን። ስለዚ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ዲያስፖራ ዘሎ ደላይ ፍትሒን ተቃላሳይን እጃሙ ከበርክት፡ ኣብዚ ግዜዚ መድርኽ ይሓትት ስለ ዘሎ ብሕልናን ሓላፍነትን ክገጥሞን፡ ነቲ ዝጽበየና ዘሎ ከቢድ ዕማም ንምዕዋት፡ ማለት ህዝብና ሃገርን ንምድሓን፡ ኩሉ ተቓላሳይ ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለወ ይሃልዎ ብዘይ ኣፈላላይ ብሓባር ክቓለስ መድረኻዊ ሕቶ ኰይኑ ንረኽቦ ።

እቲ ኣብ መወዳእታ ክንብሎ ንደሊ ሽግር ህዝባናን ሃገርናን፣ ዋላውን ከም ኣድላይነቱ ካብ ካለኦት ሓገዝ ምሕታት መሰል እንተሃለውና ግና ባዕልና ክንፈትሖ እኹል ዓቕምን ተመኩሮን ኣለና ኢልና ስለ ንኣምን ሓድነትናን ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ክነደልድል ይግባእና ብምባል ለበዋና ነማሓላልፍ። **ዓወትን ክብርን ንህዝቢ ኤርትራ**

ካብ ክፍሊ ዜናን ምንቅቃሕን

ሰልፊ መሰረታዊ ፍትሒ ኤርትራ

حزب أساس العدالة الإرتري

ERITREAN FUNDAMENTAL JUSTICE PARTY